


# ስርዓት ወያነ ኣበይ ገጹ ክኸይድ'ዩ
# ንኢትዮጵያኸ ብሰላም ይገድፋዶ?

ቀለታ ኪዳነ

ገለ ገለ ሰባት ብዛዕባ ወያነ ክትዛረብ ወይ ክትጽሕፍ ከሎኻ ናይ ሃገርካን መንግስትኻን ዘይትገብር ናቶም እንታይ ገደሰካ ይብሉኻ ኢዮም። ዝኾነት ሃገር ብዘይካ ናይ ሃገራ ናይ ጉረቤታን ናይ ዓለምን ዘይትገብር እንተትኸውን ነራ ግን እዚ ኩሉ ሎሚ ኣብ ዓለም ዘሎ ሕንፍሽፍሽ ኣይምተራእየን። ብፍላይ ስርዓት ወያነ ናይ ጉዳይ ሃገሮም ጥራሕ ይገብሩ እንተዝነብሩ ከኣ ጉዳይ ሃገርና ኤርትራ ኣብዚ ሎሚ ዘለዎ ኣይምሃለወን ። እቲ ክርሳዕ ዘይብሉ እምበኣር ስርዓት ወያነ ዝበዝሕ ጊዜኦም ኣብ ዓለም ንጉዳይ ኤርትራ ንምብልሻውን ንምጽላምን ንህዝቢ ኤርትራ ንምብታንን ንመንግስቲ ኤርትራ ንምሕንኳልን ንምውዳቕን ዘሕልፉዎ ምዃኖም ኢዩ። እዚ ከኣ ሎሚ ዝጀመሩዎ ዘይኮነ ብኔው ይምሓሮ እቲ ወዲ ጓልና ዝሓንጸጾ መደብ ኢዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘሰደምም ጉዳይ ከኣ መለሰ ዜናዊ ኮነ ሰብሓት ነጋ ኣብ ዝተፈላለየ ቃለ መሕትቶም ሓቅነት ዘይብሉ ንሃገረ ኤርትራን ህዝባን ካብ መንግስቲ ኤርትራ ንላዕሊ ከም ዝሓልዩሉን ዝግደሱሉን ብዙሕ እዋን ክገልጹ ምስምዖም ኢዩ። ብኣንጻሩ ግን ህዝባዊ ግምባር ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ ቅሱንን ሰላማውን ጉረቤት ንኽህልወና ንሓድነት ኢትዮጵያ ካብ ወያነ ንላዕሊ ከም ዝሰርሓሉን ዝደኸመሉን ሂወት ብዙሓት ኤርትራውያን ከም ዝኸፈለሉን ንሕና ጥራሕ ዘይኮና ባዕላቶም እቶም ንትግራይና ናጻ ካብ ኣውጻእና ናይ ካልኦት ህዝቢ ኢትዮጵያ እንታይ ገደሰና ባዕሎም ዘይቃለሱ ብማለት ንኢትዮጵያ ንምቅላስ ዝተቓወሙን ንዝተረፈ መሬት ኢትዮጵያ ካብ ደርጊ ናጻ ንምውጻእ ዝሓንገዱን ትግራዎት ተጋደልቲ ዝምስክሩዎ ሓቂ ኢዩ።

እሞ <u>ንዓይጋ ፎርም ኮነ ንትግራይ ኦን ላይን</u> ከነዘኻኽሮም ንደሊ ታሪኽ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝፈልጥዎ ስለዘይመስሉ ነቶም ገዳይም ተጋደልቶም ሓቲቶም ነቲ ሓቂ ንኽርድኡዎ ነዘኻኽሮም።

<u>ንሕና እዚ ናይ ክልላት ምምሕዳራት ገርና ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ክልላት ከም ትመሓደር ዝወሰንናሉ ምኽንያት ነታ ሃገር ኣብ ክንዲ ንሕና ባዕልና ንበይንና ነመሓድራን ናይ ብሔርን ዓሌትን ጸገማት ዘጋጥመናን ነቲ ህዝቢ ኣብ ክልተ መቒልና ፈላሊና ከነመሓድሮ ከሎና እቲ ባእስን ጽልእን ኣብ ክንዲ ምሳና ምስ ትግራዎት ዝኸውን ኣብ ነንሓድሕዶም ኣብ መንጎ እቲ ንዓና ዘድግፍን ዝቃወምን ብሄራት ይኸውን ማለት ኢዩ። ኢሃደግ ካብ ዝገበሮም ክልተ ዓበይቲ ውሳነታት ከኣ ሓደ እዚ ኩይኑ እቲ ካልኣይ ከኣ እቲ ኣብ መንግስቲ ኤርትራ ዝሓንጸጽናዮ ኣይ ኮናት ኣይሰላም ኢዩ።</u>

<u>እዚ መግለጺ እዚ ብዘይሕብእብእን ብዘይቃልዓለምን ዝሰማዕናዮ በቲ ኣብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበረ ዝለዓለ መሪሕነት ወያነ ንኽንንእዶምን ከነደንቐምን ንኤርትራውያን ዝተገልጸልና መብርሂ ኢዩ። እዚ ጥራሕ እውን</u>

ኣይኮነን ኤርትራ ትብሃል ካብ ትፍጠር መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከም ''ኢሂኣደግ'' ዝኣመሰለ ፈታውን ሓላዪን መንግስቲ እውን ተፈጢሩ ኣይፈልጥን እውን ተወሲኹዎ ነሩ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን እቲ ዝግበር እንታይ ምኳኑ ብዓይኑ እናርኣየ ነቲ ዝበሃል ክኣምን ዝኽእል ደንቆሮ ህዝቢ ከም ዘይኮነ ዘይምፍላጦም ኢዩ። እቲ ኣብ ስርዓት ወያነ ዘሎ ርኡይ ጌጋ ግን ነቲ ዝብሉዎን ዝዝርግሑዎን ሓሶት ኲሉ ህዝቢ ክቕበሎን ክእምኖን ኢዩ ኢሎም ስለዝሓስቡ ኢዩ። ሎሚ ኣይኮነንዶ ንሓሶት ንሓቂ እውን ክትጠራጠረሉ እምበር ብቐሊል ክትኣምኖን ክትቅበሎን ከም ዘይከኣል ንኽርድኡ ከኣ ንስርዓት ወያነ ነዊሕ እዋን ከድልዮም ኢዩ። ብሓጺሩ እዚ ስርዓት ወያነ ''ሜስ ንዘይፈልጦ የጥርጦ'' ከም ዝበሃል ብሳላ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዘይፈልጦን ዘይተጸበዮን ዘይተሰውኣሉን ሃገር ኢትዮጵያ ስልጣን ከም ዝሕዝ ተገሩ ዋላ ኩብዱ እንተግፍሐ ጽጋብ ምጽዋር ስኢኑዎ ኣብ ከምዚ ሎሚ ኣትዮዎ ዘሎ ዓዘቕቲ ምእታዉ ዘይገርም ኣይኮነን።

ኣብ ታሪኽ ወያነን ንትግራይ ናጻ ንምውጻእ ዝተገብረ ቃልስን ወያነ ዋላ ሓንቲ እውን ትኹን ንትብዓትን ጅግንነትን ሰራዊት ወያነ ተኾርዕ ኣብ ልዕሊ ወትሃደራት ደርጊ ዝተገብረ ታሪኻዊ ውግእን ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርጊ ዝተሓፍሰ ዓወትን ኣብ ታሪኽ ሃሰስ ኢልካ ዘይርከብ ኢዩ። ንመሬት ትግራይ ነቲ ዝበዝሐ ደርጊ ባዕሉ ዝገደፎ ኢዩ። እታ ሓንቲ ከቢድ ውግእ ዝነበራ ውግእ ሽረ ከኣ ብሳላ ሻዕብያ ብኸመይ ዓወት ከም ዝተረኽበ ወያነ እንተኽሓዶ ህዝቢ ሽረን ሓቀኛ ታሪኽን ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ።

እቲ ኣዝዩ ዝገርም ግን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ትግራይ እምበር ንኢትዮጵያ ኢሉ ቃልሲ ከም ዘይጀመረን እዚ ንኢትዮጵያ ዝበሃል ቃልሲ ብጸቕጥን ድፍኢትን ህዝባዊ ግምባር ድሕሪ ክንደይ ባእስን ቃልስን ዝተቐበሎ ምኳኑ ንዋላ ሓንቲ መዓልቲ እውን ከም ታሪኽ ተቐቢሉዎን ተዛሪቡሉ ዘይፈልጥ ምኳኑ ኢዩ። ይገርመና ከኣ።

ብዝያዳ ዘሕዝን ግን ነቲ ብሰንኪ እቲ ብልሸውናን ስርቅን ዝዓብለሎ መንግስቶምን ናይ ዓሌትን ወገንን ርኡይ ፈልላዩ ዝኾነ ምሕዳራቶምን ንዘጋጠሞም ጸገም ክፈላልየናን ክብትነንናን መንግስቲ ኤርትራ ዘከይዶ ዘሎ ተጻባእነት'ዩ ኢሎም ክኽሱ ይስምዑ ምህላዎም ኢዩ።

ስርዓት ወያነ ንመንግስቲ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ብዙሓት ደቂ ሃገር ኢና ዝብሉ ሃሱሳት ዓሲቡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዓሌትን ብሃይማኖትን ብኣውራጃን ንምብታንን ንምፍልላይን ክሳብ ሎሚ ብግልጺ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ።

ብወገነይ ባዕሉ ስለዘለዎ ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ክዛረብ ኣይደልን ኢየ። ከተፍርሶ ንዝሓሰብካ ሃገር ከፍርሰካ እንተሓሰበ እውን ዝገርመኒ ኣይኮነን። እቲ ኣነ ኣጸቢቐ ዝፈልጦን ዝምስክሮን ግን ነቲ ኣብ ጊዜ ቃልሲ ዝነበረ ኲነታትን ነዚ ሎሚ ስርዓት ወያነ ዘካይዶን ዝገልጾን ዘሎ ኣገራሚ ነገራትን ጥራሕ ኢዩ።

ስርዓት ወያነ ሰለስተ ቀንዲ ዕላማታት ነረንኦ። ሰለስቲኤን ከኣ ፈሺለናኦ።

ብሕጽር ዝበል ኣገላልጻ ፡

1. እቲ ብሔራት ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ናባና ዝጥምቱ ነንሓድሕዶም ክዋግኡ ኢዮም ዝተባህለ ኣይሰርሐን። ኲሎም ጸረ ወያነ ተላዒሎም ኣለዉ።
2. እቲ ንኤርትራ ዝኣወጁዎ ኣይሰላም ኣይኲናት እውን ብመጠኑ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ሃስያ ዘውረደ'ኳ እንተኾነ ከምቲ ንሳቶም ዝተጸበዩዎ ንኤርትራ ክብትናን ከውድቓን ኣይከኣለን።
3. እቲ ንኢትዮጵያውያን ነንሓድሕዶም እናዋቓዕና ብሰላም ሃገር ክንገዝእን ሃብትን ንብረትን ክንድልብን፡ ካብ የማን ጸጋም መሬት ዘሚትና ንትግራይና ከነዕብያን ከነሃብትማን ንኽእል ኢና ዝተባህለ እውን ሕልሚ ጥራሕ ኰይኑ ተሪፉ። በቲ ጥልመቶምን ናይ ሎሚ እምበር ናይ ትማሊ ዘይምዝካሮምን ከኣ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ደም ተኺሎም ንርኢ ኣሎና።

ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኣኽለኩም ኣይንደልየኩምን ይብል ኣሎ። ወያነ ግን ሓቀም ኢዮም ካብ ጸልኡና ሎሚ ሃገር ብሓይሊ ክንገዝእን ሂወት ሰብ ብኸንቱ ክነጥፍእን ኣይግብኣናን ኢዩ ኢሎም ንኢትዮጵያ ብሰላም ክገድፋዋን ስልጣኖም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክረክቡን ማለት ዘይሕሰብ ኢዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ሎሚ ተቐጥቂጡን ተገሪፉን ንስርዓት ወያነ ርዒሙ ክኸይድ ሕልሚ ጥራሕ ኢዩ። ይኹን እምበር ወያነ ከም ንፈልጦ ናይ ሰላም ስርዓት ስለዘይኮነ ተሌፎንን ኢንተርነትን ምዕጻው ጥራሕ ዘይኮነ ገና ህዝቢ ከጥፍእን ከህልቕን'ዩ ኢለየ ዝኣምን። እቲ ብረትን ገንዘብን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኢዶም ስለዘሎ ከኣ ሎሚ ንትግራይ ከይዶም ብጥሜትን ጽምእን ክሃልቁ ኮነ ኣብቲ ናይ ጥንቲ ድኽነቶም ክምለሱ ክውሓጠሎም ስለዘይክእል ከኣ እቲ ብረትን ገንዘብን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኢዶም ስለዘሎ ብቀሊል ክኸዱ ከም ዘይኮኑ ንምግማት ዘጸግም ኣይኮነን።

''<u>ኣቦ ዘይኮነካ ኣቦኻ የሕድገካ</u>'' ከም ዝበሃል ከኣ እቶም ኣጆኹም እናበሉ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘበኣሱዎምን ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ትዕቢትን ትምክሕትን ሓዲሩዎም ኣብ ሳጥናኤላት ከም ዝቐየሩ ዝገበሩዎምን ኣያታት ከኣ ምስ ህዝቢ ክበኣሱ ስለዘይደዩ ጽባሕ ሽተት ኢሎም ከም ዝገድፉዎምን ካልእ ንረብሓታቶም ዝሕሉ ዘይተፈልጠ ምስሌነ ክፈጥሩ ምኳኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብርእይቶና ከኣ ለባማት እንተዝኾኑ ነቲ ዘሎ ኵነታት ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተመያይጦም ብሰላም ክፈትሑዎን ስልጣን ንህዝቢ ክረክቡዎን ምተገብኤ። ግን ሓደ ጊዜ ምስ ተጋገኻን ኣብ ደም ምጽያቕ ምስ በጻሕካን ብሰላም ዘይመጸ መንግስቲ ብሰላም ስልጣን ክለቕቕ ዘይሕሰብ ስለዝኰነ ብጭካነ ስርዓት ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ገና እቲ ዝኸፍኤ ክመጽእ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ነቶም በጃ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝሓለፉ ጀጋኑ

ቀለታ ኪዳነ